Manston Inquiry

# ናይ ብሕታውነት ምልክታ

1. ዘይወገናዊ ናጻ መርመራ ናይ ማንስተን (እቲ 'መርመራ') ናጻ ዘይሕጋዊ መርመራ ኮይኑ እቶም ኣብ ናይ ማንስተን ናይ ሓጺር ግዜ መጽንሒ ቦታ ('ማንስተን') ካብ 1 ሰነ 2022 ዓመተ ምህረት ክሳብ 22 ሕዳር 2022 ዓመተ ምህረት ዝተኣስሩ ሰባት ዘጋጠሞም ኩነታት ('እቲ ፍጻመ') ዘምርሑ ውሳነታት፡ ተግባራትን ኩነታትን ንምምርማርን ጸብጻብ ንምሃብን ዝቆመ እዩ።

2. እቲ ናይቲ መርመራ ናይ መወከሲ ዓንቀጽ (ዘ 'ቶርስ/ToRs') ብዕለት 12 ለካቲት 2025 ተሓቲሙ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ድማ ክርከብ ይኽእል እዩ። እቲ መርመራ ብሰፊ ካርትዉራይት ኬ.ሲ (እታ 'ኣቦ ወንበር') እዩ ዝምራሕ።

3. እዚ ናይ ብሕታዉነት ሓበሬታ እዚ ንስኹም ዘይትፈልጥዎ ገለ ቃላትን መግለጺታትን ይጥቀም እዩ። በዚ ንኽንሕግዘኩም እዞም ቃላት ንፈለማ እዋን ኣብ ዝቀርቡሉ እዋን ብድሙቕ ጽሕፈት ክቀርቡ እዮም ከምኡ ድማ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ናይ ብሕታዉነት ሓበሬታ ኣብ ዝርከብ ጥብቆ ብመስርዕ ናይቲ ኣቀዲሞም ኣብቲ ናይዚ ብሕታዉነት ሓበሬታ ዝቀረብዎ ቅደም ተኸተል ብዝያዳ ምሉእ ብምሉእ ተገሊጾም ኣለዉ።

4. ምስቲ መርመራ ብዝተሓሓዝ፡ እታ ኣቦ ወንበር ንውልቃዊ ሓበሬታኻ **ተቖጻጻሪት ናይ ሓበሬታ(ዳታ ኮንትሮለር)** እያ።

5. እቲ መርመራ ነቲ ቶርስ ኣብ ጥቅሚ ንምዉዓል ኣብ ዝገብሮ ስራሕ ንናትካ ውልቃዊ ሓበሬታኻ (**ውልቃዊ ሓበሬታ/ፐርሰናል ዳታ** እውን ተባሂሉ ዝጽዋዕ) ክእክብን **ክምርምርን(ፕሮሰስ ክገብርን)** ይኽእል እዩ። እዚ ናይ ዉልቃዉነት ሓበሬታ እዚ ብመሰረት ዓንቀጽ 13 ከምኡዉን/ወይ 14 ከምኡዉን ዓንቀጽ 30ን ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ሓፈሻዊ ሕጊ ሓለዋ ሓበሬታ ('ዩኬ ጂዲፒኣር') እዩ ኣብ ተግባር ዝዉዕል። ከምዚ ዝስዕብ ድማ ይገልጽ፡

- እቲ መርመራ እንታይ ዓይነት ውልቃዊ ሓበሬታ ክእክብ ከም ዘድልዮን ስለምንታይን;
- ንውልቃዊ ሓበሬታ ንምምርማር ዘድሊ ሕጋዊ መሰረት;
- ውልቃዊ ሓበሬታኻ ምስ መን ክካፈል ይኽእልን ስለምንታይን፡ ከምኡውን

- ናትካ መሰላት

6. እቲ መርመራ ንውልቃዊ ሓበሬታኻ ብመሰረት ሕጊ ሓለዋ ሓበሬታ ንምምሕዳር ብተወፋይነት ይዓዩ። እቲ መርመራ **ንፍሉይ ምድብ** ከምኡ ድማ **ገበናዊ ፍርዲ** ከምኡ ድማ **ገበናትን ውልቃዊ ሓበሬታ** ዝምልከት ኣቀራርባኡ ዝገልጽ ግቡእ ፖሊሲ ኣቝሙ ኣሎ ፡ እዚ ድማ ኣብቲ ወብሳይት ክርከብ ይኽእል እዩ ።

**ሀ. እቲ መርመራ እንታይ ዓይነት ውልቃዊ ሓበሬታ ክእክብ ከም ዘድልዮን ስለምንታይን?**

**ናይ ሓበሬታ ምእካብ ዕላማ**

7. እቲ መርመራ ነቲ ኣብ ማንስተን ካብ 1 ሰነ 2022 ክሳብ 22 ሕዳር 2022 ተኣሲሮም ዝነበሩ ሰባት ዘጋጠሞም ፍጻመ ዘስዓበ ውሳነታት፡ ተግባራትን ኩነታትን ይምርምር ኣሎ። እቲ ቶርስ (ኣብቲ ወብ ሳይት ዝርከብ) ነቲ መርመራ ዚመርሕ ዕላማ፡ ዓዉዲ፡ ኣገባብን መትከላትን ይገልጽ።

8. እቲ መርመራ ነቲ ዝገበሮ ምርመራ ንምፍጻም ከምኡ እዉን ነቲ ኣብ ትሕቲ እቲ ቶርስ ዘሎ ግዴታታቱ ንምፍጻምን፡ እቲ መርመራ ውልቃዊ ሓበሬታ ክእክብን ክምርምርን ከድልዮ እዩ። እቲ መርመራ ብተወሳኺ ውልቃዊ ሓበሬታ ነዞም ዝስዕብ ዕላማታት ክምርምር ይኽእል እዩ፡ ግን ድማ እዞም ዝስዕቡ ጥራይ ኣይኮኑን ካልኦት ምኽንያታት እዉን ክህልዉ ይኽእሉ እዮም፡

- ንዕዮ ናይቲ መርመራ መሰረት ዝኾነ መርትዖ ምምዕባል;
- ምስ ግዳማዊ ተሰተፍቲ ምርኻብ፡ እንተላይ ምስ ሰብ ስልጣን፡ ጋዜጠኛታት፡ ናብቲ መርመራ ናይ ምግላጽ ነገራት ('ንብረት') ኣቕረብቲ፡ እቶም በቲ መርመራ ከም ተሰተፍቲ መርመራ ዝተመደቡ ከምኡ ድማ መሰኻኽር;
- ምስ ህዝቢ ዝግበር ናይ ደብዳበ ሓበሬታ ዝምልከት ምስራሕ;
- ካብ ውልቀ-ሰባት ንዝመጽእ ናይ ሓበሬታ ሓለዋ ሕቶታት ምምላስ (እዚ ድማ ናይ ርእሰ ጉዳይ ሓበሬታ ንምርካብ ዝግበር ሕቶታት/ሳብጀክት ኣክሰስ ሪኴስት ተባሂሉ ይጽዋዕ); ከምኡ ድማ
- ናይ መርመራ ወብሳይት ምምራሕን ምምሕዳርን።

9. ምስ ጠለባት ናይቲ ቶርስ ግቡእን ብጥብቂ ብምስምማዕን፡ ህዝባዊ መጋባእያታት ኣብ ግቡእ ግዜ በቲ መርመራ ክካየድ ይኽእል እዩ፡ ኣብቲ ኣጋጣሚ እቲ ድማ ኣብ እቲ መጋባእያታት ዝተጠቕሰ መርትዖ (ውልቃዊ ሓበሬታ ዘጠቓልለ) ንህዝቢ ክፉት ክኸዉን እዩ። ብተወሳኺ ድማ ውልቃዊ ሓበሬታ በቲ መርመራ ኣብ ውብሳይቱ ከምኡ ድማ ኣብቲ ብመሰረት እቲ ቶርስ ዝወጽእ ጸብጻብ መርመራን ክጥቀስን ክሕተምን ይኽእል እዩ።

**ምእካብ ሓበሬታ**

10. እቲ መርመራ ከም ኣካል ናይቲ ዝገብሮ መርመራ፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ሰፊሕ ዝርግሐ ዘለዎ ነገራት/ጽ ክሕዝ ትጽቢት ይግበረሉ እዩ፡ ስለዚ ድማ ብዛዕባኹም ብዝተፈላለየ መገድታት ሓበሬታ ክቕበል ይኽእል እዩ። እቲ ሓበሬታ ካብተን ኣብቲ መርመራ ዝሳተፋ ትካላት ክሕተት ይኽእል ወይ ድማ ብፍቓደኛነት ክቐርብ ይኽእል እዩ። ንኣብነት፡ እቲ መርመራ ምስ ዛዕባ እቲ መርመራ ዝተኣሳሰሩ ሳልሳይ ወገናት ሒዞምዎ ዘለዉ ሓበሬታ ክሓትትን ክረክብን ይኽእል እዩ። ሙብዘሕትኡ ግዜ እቲ መጽናዕቲ ካብዞም ዝስዕቡ ዝተቐበሎ ውልቃዊ ሓበሬታ ክምስርሕ/ክምርምር እዩ፡

- ናይ መንግስቲ ዲፓርትመንት ክፍልታት፡ ህዝባዊ ኣካላት፡ ትካላትን ኤጀንሲታትን፡ ናታቶም ኣገልገልትን ሰራሕተኛታትን;
- ናይ ምስክርነት ቃል ዝህቡ መሰኻኽር ከምኡ ድማ ኣድላዪ ኣብ ዝኹነሉ እዋን ነቲ መርመራ ዚኸውን ጽሑፍ/ነገራት;
- ኣብቲ መርመራ ኮንትራት ዝተወሃቦም ኣካላት ከምኡውን/ወይ ድማ ክኢላታት ወይ ኣማኸርቲ;
- ከም ኣካል ናይቲ መርመራታቱ ናብቲ መርመራ ኣብ ዝቐረበ ሓበሬታ ዝተጠቕሰ ውልቀሰብ;
- እቲ መርመራ ምናልባት ከም ኣስማት፡ ኣድራሻታት፡ ኢ-መይል ኣድራሻታት፡ ዝኾነ ኣገዳሲ ዝርዝራት ኣብቲ ሕቶ እቲ ከምኡ ድማ መንነት ንምርግጋጽ ዘድልዩ ሰነዳት ዚተሓሓዝ ሓበሬታን ካልእ ሓበሬታን ክእክብ ስለ ዚኽእል፡ ናይ ሓበሬታ ሓለዋ ሕቶ (ናይ ሳብጀክት ኣክሰስ ሪኴስት እውን ዚፍለጥ) ዜቕርቡ ውልቀ-ሰባት;
- ኣብ ማሕበራዊ ሜድያና ዝተለጠፈ ዝኾነ ነገር ምስ ኣካዉንትና/መለያና ብኣዉቶማቲክ ይእከብ/ምሳና ይተሓዝ እዚ ድማ ርእይቶታት ፡ ስእልታት ፡ ቪድዮታት ፡ ናይ ተጠቀምቲ ስም ፡ ከምኡ እውን ዝኾነ

ተጠቀምቲ ክካፈሉ ዝመርጹ ፍሉይ ናይ ምድብ ሓበሬታ - ከም ጾታ ፡ ዓሌት ፡ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ወይ ጾታዊ ዝንባሌ የጠቓልል(ካልእ ተወሳኺ እዉን ክህሉ ይኽእል እዩ);

- ዝኾነ ይኹን ነቲ መርመራ ዚሰርሕ ወይ ኣብኡ ዚሰርሕ ሰብ;
- ዝኾነ ይኹን ብኢ-መይል ወይ ብፖስታ ወይ ድማ ብኻልእ መገዲ ምስቲ መርመራ ዝራኸብ ሰብ – እንተላይ ኣብ ህዝባዊ መጋባእያታት ንምክትታል ዚግበር ምዝገባ ፡ ከምኡ ድማ
- ኣብ ዝኾነ ናብቲ ናይ መጋባእያ ቦታታት ዝመጹ በጻሕቲ ከለሊ ዝኽእል ኣብ ሲሲቲቪ ክቕረጹ ዝኽእሉ ቪድዮ

11. እቲ መርመራ እተፈላለየ ምድባት ውልቃዊ ሓበሬታ ኽምርምር እዩ። እዚ ኸኣ ነዚ ዚስዕብ ኬጠቓልል ክኸዉን ይኽእል እዩ:

- ውልቃዊ ሓበሬታ፡ እንተላይ ከም ስም፡ ዕለተ ልደት፡ ውልቃዊ መግለጺ፡ ናይ ኣድራሻ ዝርዝር ፡ ስእልታትን ቪድዮን ወይ ድማ ድምጽን ዝኣመሰሉ ባዮግራፊካዊ ሓበሬታታት;
- ፍሉይ ምድብ ውልቃዊ ሓበሬታ (እዚ ዝያዳ ተነቃፊ ስለ ዝኾነ ዝያዳ ዕቑባ/ጥንቃቀ ዘድልዮ ውልቃዊ ሓበሬታ እዩ) ፡ እንተላይ ብዛዕባ ጥዕና (ከም ኣካላዊ ጥዕና ፡ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ፡ መጕዳእቲ ፡ ሕክምናዊ ክንክን) ፡ ዓሌት/ብሄር ፡ ሃይማኖታዊ ወይ ፍልስፍናውያን እምነታት ፡ ጾታዊ ዝንባሌ ፡ ጀነቲካዊ ሓበሬታ ፡ ባዮሜትሪክ ሓበሬታ ፡ ፖለቲካዊ ኣረኣእያታትን ናይ ንግዳዊ ሕብረትን ኣባልነት ዝምልከት ሓበሬታ ፡ ከምኡ እውን
- ገበናዊ ፍርድታትን ገበናትን፡ ምስ ገበናዊ ፍርድታትን ገበናትን ዚተሓሓዝ ውልቃዊ ሓበሬታ (እንተላይ ናብ ናይ ቤት ፍርዲ ዉሳኔ/ፍርዲ ዘየምርሐ ኽስታት)፡ ጾብጻባት ናይ ፍጻመታትን ናይ ብሓቂ ዘጋጠሙ ወይ ኣጋጢሞም ዝተበሃሉ ገበናትን – እዚ ውልቃዊ ሓበሬታ እዚ ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ ቊጽጽር እዩ ዝተሓሓዝ።

12. ብዛዕባ እቲ ናይ መርመራ መስርሕ ንናይ ፍሉይ ምድብ ውልቃዊ ሓበሬታ ከምኡ ድማ ንናይ ገበናዊ ፍርድታት ከምኡ ድማ ገበናትን ዝምልከት ውልቃዊ ሓበሬታ ብኸመይ ከም ዝጥቀመሉን ዝዕቅበን ዚገልጽ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብቲ ናይዚ መርመራ ወብ ሳይት ዚርከብ ግቡእ ፖሊሲ እቲ መርመራ ተዘርዚሩ ኣሎ።

13. እቲ መርመራ ንናትኩም ሓበሬታ ውሑስ ብዝኾነ መንገዲ እዩ ዝሕዞ ከምኡ እውን ከም ኣካል ናይቲ መርመራ ክርእይዎ ንዝግደዱ ኣካላት ጥራይ እዩ ከካፍሎ። ኵሉ እቲ እንቕበሎ ውልቃዊ ሓበሬታ ብመሰረት ሕጊ ኣተሓሕዛ ሓበሬታ ብፍትሓዊን ብሕጋዊን ዝኾነ መንገድን እዩ ዝተሓዝ።

**ናይቲ መርመራ ዌብሳይትን ኩኪስን**

14. እቲ ናይ መርመራ ወብ ሳይት www.manston.independent-inquiry.uk ዝሰርሓሉ ዕላማ ብዛዕባ እቲ መርመራ ንህዝቢ ሓበሬታ ንምሃብ እዩ። እቲ መርመራ ብዝተኻእለ መጠን ግሉጽ ብዝኾነ ኣገባብ ከም ዝካየድ ንምርግጋጽ ኣብ መርበብ ሓበሬታኡ ሓድሽ ሓበሬታ፡ ጽሑፋትን ካልእ ዉልቃዊ ዘይኮነ ሓበሬታን ክሰቕል ይኽእል እዩ።

15. እቲ መርመራ ውጽኢታዊ ብዝኾነ መንገዲ ከም ዚካየድ ንምርግጋጽ፡ እቲ ወብ ሳይት ንውልቃዊ ናብቲ ወብሳይት ዝግበር ምብጻሕን ናብቲ ወብ ሳይትን ኣጠቓቕማኡን ኪመርምር ዚኽእል ተክኖሎጂ ኩኪስ ይጥቀም እዩ፡ እዚ ግን ኣብ እዋን እቲ ኣብቲ ወብ ሳይት ዚግበር ምብጻሕ ጥራይ እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ብኽብረትኩም ነቲ ኣብ www.manston.independentinquiry.uk/cookie-policy ዚርከብ ናይ መርበብ ሓበሬታ ናይቲ መርመራ ፖሊሲ ኩኪስ ክትርእይዎ ንላቦ።

16. ናይ ዉልቃዉነት ሓበሬታ እዚ ኣብ ወብ ሳይት ናይቲ መርመራ ጥራይ እዩ ዚምልከት፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ዌብ ሳይት ናብ ካልእ ወብ ሳይታት ዚመርሕ ዝኹነ ይኹን ሊንክ ኣይሽፍንን ኣይሰፍሕን እዩ።

**ለ. ኣብ ምጥቃም ዘሎ ሕጋዊ መሰረት**

17. እቲ መርመራ ንውልቃዊ ሓበሬታ፡ ፍሉይ ምድብ ከምኡ ድማ ገበናዊ ፍርዲ ከምኡ ድማ ገበናትን ዝምልከት ውልቃዊ ሓበሬታ ብመሰረት ሕጊ ሓለዋ ሓበሬታ፡ እንተላይ ሕጊ ሓለዋ ሓበሬታ 2018ን ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ጂዲፒኣርን ብፍትሓዊ መንገዲ ከምኡ ድማ ብሕጋዊ መንገድን ክጥቀመሉ እዩ።

18. እቲ መርመራ ውልቃዊ ሓበሬታ ምስ ሳልሳይ ወገናት ከካፍል ኣብ ዘድልየሉ እዋን ብሕጋዊ መንገዲ ኺገብሮ ዝኽእል እንተ ኹይኑ ወይ ድማ ከምኡ ኺገብር ፍቓድ ምስ ዚህልዎ ጥራይ እዩ ዝገብሮ።

19. እቲ ናይ መርመራ ንውልቃዊ ሓበሬታ፡ ፍሉይ ምድብ ሓበሬታ ከምኡ ድማ ገበናዊ ፍርድታት ከምኡ ድማ ገበናት ዝምልከት ውልቃዊ ሓበሬታ ብሕጋዊ መሰረት ንምጥቃም ከምዚ ዝስዕብ እዩ: -

- እቲ መርመራ ውልቃዊ ሓበሬታ ንምጥቃም ዝጥቀመሉ ሕጋዊ መሰረት ነቲ ሓበሬታ ምጥቃም እቲ ዕማም ንናይ ህዝባዊ ረብሓ ኣገዳሲ እዩ ወይ ኣብ ምፍጻም ኣብቲ ተቈጻጻሪ ዝተዋህበ ወግዓዊ ስልጣን ኣድላዪ እዩ ኣብ ዝብል ምኽኑ እዩ። እቲ ኣቦ መንበር ነቲ ኣብ ውሽጢ ናይቲ መርመራ ዝሕቆፍ ዕማማት ንምምርማር ዘድሊ ቀንዲ ተግባር ናይቲ መርመራ ንምፍጻም ወግዓዊ ስልጣን ኣለዎ። እዚ ድማ ብመሰረት ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ጂዲፒኣር ዓንቀጽ 6(1)(ኢ) እዩ።
- ነቲ ናይ ሓበሬታ ሓለዋ ሕቶ ምላሽ ንምሃብ ንዉልቃዊ ሓበሬታኹም ንምጥቃም ዘሎ ሕጋዊ መሰረት፡ ከም ተቈጻጻሪ ናይ ሓበሬታ መጠን ኣብ ልዕሊ እቲ ኣቦ መንበር ዘሎ ሕጋዊ ግዴታ ምኽባር ኣድላዪ ብምኳኑ እዩ (ዓንቀጽ 6(1)(ሲ) ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ጂዲፒኣር።
- ምስ ንጥፈታት ናይቲ መርመራ ዚተሓሓዝ ውልቃዊ ሓበሬታ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ክንልጥፍ እንከለና (ከም ቅዳሓት ናይ መጋባእያታት ዝኣመሰለ)፡ እቲ እንጥቀመሉ ሕጋዊ መሰረት ነዚ ምጥቃም ንረብሓ ህዝቢ ዚግበር ዕዮ ንምፍጻም ወይ ኣብ ምፍጻም ኣብቲ ተቈጻጻሪ ዝተዋህበ ወግዓዊ ስልጣን ኣድላዪ እዩ ኣብ ዝብል ምኳኑ እዩ (ዓንቀጽ 6(1)(ኢ) ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ጂዲፒኣር።
- ካብ ማሕበራዊ መራኸቢ ዝመጽእ ውልቃዊ ሓበሬታ ኣብ እንእከበሉ/እንጥቀምሉ እዋን (እዚ ኸኣ ከም ርእይቶታት/ኮመንት ወይ ናይቶም ኣብ ናይ ማንስተን መርመራ ኣክዉንት ዝለጠፉ ሰባት ኣስማት ተጠቀምቲ ዝኣመሰሉ ሓብሬታ ዘጠቓልል እዩ)፡ ነዚ ንምጥቃም ኣብ መዓላ ዝዉዕል ሕጋዊ መሰረት ድማ እቲ ተጠቃሚ ኸምኡ ኽንገብር ፍቓደኛ ኮይኑ እዩ ዝብል እዩ እዩ (ዓንቀጽ 6(1)(ኤ) ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ጂዲፒኣር።
- እቲ ፍሉይ ምድብ ዘለዎ ውልቃዊ ሓበሬታ ንምጥቃም ኣብ መዓላ ዘዉዕል ሕጋዊ መሰረት ከኣ ንሰፊሕ ህዝባዊ ረብሓ እዩ ዝብል ምኽንያት እዩ። እዚ ድማ ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ጂዲፒኣር ብዓንቀጽ 9(2)(ጂ) ዝተቐመጠ ኮይኑ ብመሰረት ሕጡበ-ጽሑፍ 6፡ መደብ 1 ናይቲ ዳታ ፕሮቴክሽን ኣክት 2018 (ሕጊ ሓለዋ ሓበሬታ 2018) ዝቀረበ እዩ። ኣብ ገለ ገለ ዉሱናት ጉዳያትን ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋንን ድማ ነዚ ዓይነት ምድብ ውልቃዊ ሓበሬታ ንኽንጥቀመሉ ካብቶም ርእሰ ጉዳይ ናይቲ ሓበሬታ ፍቓድ ክንሓትት ንኽእል ኢና።

- እቲ መርመራ ምስ ገበናዊ ፍርድታት ከምኡ ድማ ገበናትን ዚተሓሓዝ ውልቃዊ ሓበሬታ ክጥቀም ኣብ ዘድልየሉ እዋን ድማ እዚ ምጥቃም ሓበሬታ ብመሰረት ናይ ዘቤታዊ ሕጊ (ከምቲ ኣብ ዓንቀጽ 10 ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ጂዲፒኣር ዚጠልቦ) ብመሰረት ክፍሊ 10(5)ን ሕጡበ-ጽሑፍ 6ን፡ መደብ 1 ናይቲ ዳታ ፕሮቴክሽን ኣክት 2018 (ሕጊ ሓለዋ ሓበሬታ 2018) ፍቓድ ተዋሂብዎ ኣሎ። እቲ ምጥቃም ናይዚ ሓበሬታ ንሰፊሕ ህዝባዊ ረብሓን ዕላማ ንምምላእ ምኽንያት ከምኡ ድማ ብናይ ክራዉን ሚኒስተር ንኣቦ መንበር እተዋህበ ናይቲ ተግባር ዕላማ ንምፍጻምን ኣድላዪ ስለ ዝኾነ እዩ።
- ንናይቲ መርመራ ኣቕረብቲ ኣገልግሎት፡ እቲ ሕጋዊ መሰረት ንምጥቃም ውልቃዊ ሓበሬታኹም ከም ንቡር ናይቲ መርመራ ኣካል ዝኹነሉ ውዕል ንምፍጻም ኣድላዪ ስለ ዝኾነ እዩ፡ እዚ ድማ ኣብ ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ጂዲፒኣር ዓንቀጽ 6(1)(ቢ) ተገሊጹ ከም ዘሎ እዩ።

**ሐ. እንታይ ዓይነት ሓበሬታ እዩ ክካፈል ንምንታይ እዩ ከ ክካፈል፧**

20. እቲ መርመራ ዕዮኡ ብዝተኻእለ መጠን ብግሉጽን ብቕሉዕን ዝኾነ ኣገባብ ክፍጽም እዩ ዝደሊ፡ ስለዚ ድማ ውልቃዊ ሓበሬታኹም ንህዝቢ ክካፈል ይኽእል እዩ። ውልቃዊ ሓበሬታኹም ብመሰረት እቲ ብግዜኡ በቲ መርመራ ዚሕተም ናይ ምግላጽን ናይ ምቅናስ(ሓበሬታ ምእላይን) ፕሮቶኮላት ክዕቄብ እዩ። እዚ ድማ እቲ መርመራ ንምፍጻም ኣድላዪ ዝኹነ ሓበሬታ ጥራይ ካብቲ መርመራ ወጻኢ ወይ ድማ ነቶም በቲ መርመራ መምርሒ እተዋህቦም ኣካላት ከም ዝግለጽ ንምርግጋጽ እዩ። እቲ መርመራ ስርሑ ኣብ ዝዓመሉ እዋን ናትኩም ሓበሬታ ምስዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ጉጅለታት ከካፍል ይኽእል እዩ:

- ኣብቲ መርመራ ዝሰርሑ ዉልቀ ሰባት ኣካላት ከም ኣማኸርቲ፡ ፓራሌጋላት፡ ጠበቓታትን ሰክረታርያል/ጸሓፊን ዘጠቓልሉ;
- ሕጋዊ ወከልቲ ናይ እቶም በቲ መርመራ ከም ተሳተፍቲ መርመራ ዝተፈልጡ ሰባት;
- ኣድላዩ ኣብ ዝኾነሉ እዋን በቲ መርመራ ዝተመዘዙ ክኢላታት መሰኻኽር;
- ናይ ሳልሳይ ወገን ሓበሬታ **መስራሒ/ፕሮሰሰር** (ከም ኣቕረብቲ ናይ ኣይቲ ወይ ድማ ናይ ኤለክትሮኒካዊ መግለጺ መድረኻት)፡ ከምኡ ድማ

- ብመገዲ ናይቲ መርመራን ወብ ሳይት፡ ወይ ብመገዲ እተሓትሙ ጸብጻባት ወይ ድማ በመንገዲ ህዝባዊ መጋባእያታት (ኣብ ዝምልከቶ እዋን) ናብ ህዝቢ።

**ሳልሳይ ወገን ሓበሬታ ኣካየድቲ**

21. ናብቲ መርመራ ዝቐረበ ውልቃዊ ሓበሬታ ንኽዕቆብ፡ ንገምጋምን ንትንተናን ሰነዳትን ሓበሬታን ዕላማ ብምግባር ናብቶም ብሳልሳይ ወገን ኣካየድቲ ናይ ሓበሬታ ዳታ ዝምሓደሩ ስርዓታት ናይ ሓበሬታ ተክኖሎጂ ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ። እቲ መርመር ምስ ምምሕዳር ናይ ሓበሬታ ዝኸይድ ግቡእ ቴክኒካውን ትካላውን ስጉምትታት ክህልዎ እዩ፡ እዚ ማለት ድማ እቲ መርመራ ክገብርዎ እንተ ዘይኣዚዝዎም ንውልቃዊ ሓበሬታኻ ዝኾነ ነገር ክገብሩ ኣይክእሉን እዮም። ንሳቶም ንውልቃዊ ሓበሬታኻ ብዘይካ ምስ ኮሚሽን ናይቲ መርመራ ወይ ብመሰረት መምርሒ ናይቲ መርመራ ምስ ዝኾነ ካልእ ትካል ኣይካፈልዎን እዮም። ንሳቶም ንውልቃዊ ሓበሬታኹም ብውሑስ መገዲ ክሕዝዎን ንእቲ እቲ መርመራ ዝሓቶ ግዜ ክዕቅብዎን እዮም። እቶም ኮንትራክተራት ከም ኣካየድቲ ኹይኖም ኣብ ክንዲ እቲ መርመራን ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሩን ኰይኖም እዮም ዚዓይዩ።
22. ብተወሳኺ እውን ሕጋዊ ግዴታ ኣብ ዘሃለወና እዋን፡ ወይ ካልኦት ትካላት ሕጋዊ ተግባራቶም ንኽፍጽሙ ንምሕጋዝ ኣብ ገበናዊ መርመራ ክንሕግዝ ኣድላዪ ኣብ ዝኹነሉ እዋን፡ ውልቃዊ ሓበሬታ ኽንካፈል ንኽእል ኢና።

**ኣህጉራዊ ምስግጋራት**

23. ውልቃዊ ሓበሬታኹም ኣብ ናይ መርመራ ናይ ኣይቲ ይኽዘን ምስ ናትና ኣካየድቲ ሓበሬታ እውን ክካፈል ይኽእል እዩ። ውልቃዊ ሓበሬታኹም ካብ ዩናይትድ ኪንግደም ወጻኢ ብውሑስ መገዲ ክመሓላለፍን ክኽዘንን ይኽእል እዩ። ከምኡ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ድማ ብመጠን ግቡእ ዝኾነ ውሳነ ወይ ከም ኣህጉራዊ ስምምዕ ምስግጋር ሓበሬታ ዝኣመሰለ ውዕላዊ ሰነዳት ብምጥቃም ማዕረ ደረጃ ሓለዋ ከም ዝወሃበኩም ንምርግጋጽ ኵሉ ግቡእ ቴክኒካውን ሕጋውን ዕቍባታት ክትግበር እዩ ።

**እቲ መርመራ ንኽንደይ ንውሓት ግዜ እዩ ውልቃዊ ሓበሬታኹም ዝዕቅብ፧**

24. ኣብ መደምደምታ ናይቲ መርመራ፡ ኣብ መዛግብቲ ናይቲ መርመራ ዝተኻተተ ሓበሬታ ከም ኣካል ናይቲ ታሪኻዊ መዛግብቲ ክዕቀብ እዩ፡ ገለ ውልቃዊ ሓበሬታ ሓዊሱ፡ ብመሰረት እቲ ናይ [ሕጊ ህዝባዊ መዛግብቲ 1958]

ንናይ እቲ መርመራ ዝርዝር ንነባሪ ዝኾነ ምዕቃብ መዛግብቲ መጽናዕቲ ዕላማ ናብ ሃገራዊ መዛግብቲ ኣርካይቭ ክመሓላለፍ እዩ ። እቲ መርመራ ናብቲ ርኽበታቱ ክበጽሕ ዝተጠቀመሉ ኹሉ ወግዓዊ ሰነዳት፡ ከምኡ ድማ ነቲ ብህዝቢ እተዋህበ ግዳማዊ ሓበሬታ እውን ከጠቓልል እዩ – ንኣብነት፡ ኣብ ናይቲ መርመራ ወግዓዊ ኣካዉንት ዝግበር ናይ ማሕበራዊ መራኸቢ ዚልጠፍ ጽሑፋት/ርእይቶታት ።

25. ካብ መዛግብቲ እቲ መርመራ ወጻኢ ዝተታሕዙ ውልቃዊ ሓበሬታታት ክሳዕ መወዳእታ እቲ መርመራ ክዕቀቡ እዮም፡ ኣብቲ እዋን እቲ ገለ ካብኡ ናብቲ ነቲ መርመራ ስፖንሰር ዝገበረ ኣካል ሆም ኦፊስ ክመሓላለፍ እዩ፡ ምኽንያቱ ከምዚ ኽግበር ሕጋዊ ግዴታ ስለ ዘሎ እዩ። ንኣብነት ድማ ኣብ ፋይናንሳዊ መዛግብቲ ወይ መዛግብቲ ሰራሕተኛታት። ኩሉ እቲ ኻልእ ውልቃዊ ሓበሬታ ኣብ ምዝዛም ናይቲ መርመራ ኽስረዝ እዩ።

**መ. ናትካ መሰላት እንታይ እዮም፧**

26. ኵሎም ውልቀሰባት ብመሰረት ናይ ዩናይትድ ኪንግደም ጂዲፒኣር ዝተፈላለየ መሰላት ኣለዎም። እዚ ኸኣ ነዚ ዚስዕብ ናይ ምሕታት መሰል ዜጠቓልል እዩ:

- ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ውልቃዊ ሓበሬታኻ ዚገልጽ ሓበሬታ ኽትረክብ ከምኡ ድማ ቅዳሕ እቲ ውልቃዊ ሓበሬታ ክትሓትት። እዚ ኸኣ ናይ እቲ ርእሰ ጉዳይ ሓበሬታ ክረክብ ምሕታት(ሳብጀክት ኣክሰስ ሪኴስት) ተባሂሉ ይፍለጥ;
- ዝኾነ ይኹን ኣብ ውልቃዊ ሓበሬታኻ ዘሎ ዘይቅኑዕ ነገራት ብዘይ ምድንጓይ ኪዕረ እዩ;
- ዝኾነ ይኹን ዘይተማልአ ውልቃዊ ሓበሬታኻ ይምላእ፡ እንተላይ ብመገዲ ናይ መመላእታ መግለጺ;
- ውልቃዊ ሓበሬታኻ እንተ ድኣ ድሕሪ ደጊም ንኽተሓዝ/ኣብ ጥቅሚ ምኽኑይ ዘይኮይኑ ይድምሰስ;
- ናይ ዉልቃዊ ሓበሬታኹም ምጥቃም ደረት ዘለዎ እዩ (ንኣብነት ልክዕነቱ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣብ ዝኣተወሉ እዋን);
- ንምጥቃም ናይ ዉልቃዊ ሓበሬታኻ ምቅዋም።

27. ኣብ ዙርያ ናይቲ መርመራ ዕማማትን ነቲ ዕላማ እቲ ድማ ውልቃዊ ሓበሬታ ናይ ምጥቃም ኣድላይነቱን ብዝምልከት ዝኾነ ይኹን ተቓውሞ ኣብ ግምት ክኣቱ እዩ። ገለ ገለ ምሕረት ምግባርን ድሩትነታትን ኣለዉ እዮም እዚ ማለት ድማ ንሕና ንሕቶኹም ብምሉኡ ኩሉ ግዜ ክነማልአ ኣይንኽእልን ኢና ማለት እዩ። ኣብ ታሕቲ

ኣብ ዝተዋህበ ዝርዝር ሓበሬታ ነቲ መጽናዕቲ ብምውካስን ሕቶ ብምቕራብን መሰላትኩም ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም። ዝኾነ ይኹን ሕቶ ቅድሚ ምምላሱ ነቲ መርመራ መንነት ናትኩም ዚምስክር መርትዖ ኽትህቡ ክትሕተቱ ትኽእሉ ኢኹም።

**ናይ ናጽነት ሓበሬታ**

28. እቲ መርመራ ንዕላማታት ናይ ሓበሬታ ናጽነት ሕጊ 2000 ('ኤፍ.ኦ.ኣይ.ኤ') ህዝባዊ በዓል መዚ ኣይኰነን፡ ብመሰረት እቲ ኤፍ.ኦ.ኣይ.ኤ ንዝቐረቡ ሕቶታት ከም ምላሽ ድማ ናይቲ መርመራ/ነገራት ጽሑፋት ኣይከርእይን እዩ። እቲ መርመራ እቲ ህዝቢ ንዕዮኡን ንኣገባብ ኣሰራርሓኡን ምእንቲ ክርድኦ ብዛዕባ ፖሊሲታቱን ኣሰራርሓታቱን ዚገልጽ ሓበሬታ ብወብ ሳይቱ ኣቢሉ ብንጥፈት ከቕርብ እዩ።

**ረ. ንዝያዳ ሓበሬታ ንመን እየ ክረክብ ዘሎኒ፧**

**ናት ሓበሬታ ዕቃበ ሕቶን ቅሬታን**

29. ምስ ናይቲ መርመራ ናይ ዉልቃዊ ሓበሬታኹም ናይ ምምሕዳር ኣተሓሕዛ ብዝተኣሳሰር ዝኾነ ሕቶታት ወይ ጥርዓናት እንተሃልዩኩም ወይ ድማ ምስኡ ብዝተኣሳሰር ዝኾነ ሕጋዊ መሰላት ክትጥቀሙ እንተደሊኹም፡ ናብ info@manston.independent-inquiry.uk. ክትዉከሱ ንላቦ።

30. ውልቃዊ ሓበሬታኻ ብግጉይ ኣገባብ ከም እተጠቕመሉ ወይ ብግጉይ ኣገባብ ከም ዝተታሕዘ እንተ ተሰሚዑኩም፡ ናብቲ ናጻ ተቘጻጻሪ ዝኾነ **ኮሚሽነር ሓበሬታ** ጥርዓን ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም ።

31. ምስቲ ኮሚሽነር ሓበሬታ ብቁጽሪ ተሌፎን ብ 0303 123 1113፡ ብኢመይል ብ casework@ico.org.uk ወይ ብፖስታ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽቡና ትኽእሉ ኢኹም:

Information Commissioner's Office(ናይ ኮሚሽነር ሓበሬታ ኦፊስ)

Wycliffe House

Water Lane

Wilmslow

Cheshire

SK9 5AF

**ናይዚ ሓበሬታ ዳግመ ግምገማ**

32. እዚ ሓበሬታ እዚ ብቐጻሊ ክግምገም እዩ ከምኡ ድማ ክእረም ይኽእል እዩ። እዚ ሕታም እዚ ንመወዳእታ ግዜ ብ 05 መጋቢት 2026 ዝተመሓየሸ/ዝተሓትመ እዩ።

# ጥብቖ ፡ መብርሂ ቀንዲ ቃላት

1. **ተቖጻጻሪት ናይ ሓበሬታ(ዳታ ኮንትሮለር):** እንታይ ዓይነት ውልቃዊ ሓበሬታ ከም ዝእከብ፡ ስለምንታይን ብኸመይን ከም ዝእከብ፡ ከምኡ ድማ ከም ውጽኢቱ ናይዚ ዝኾነ ይኹን ከምዚ ዝኣመሰለ ውልቃዊ ሓበሬታ ብመሰረት ሕግታት ምዕቃብ ሓበሬታ ከም ዝጥቀሙሉ ናይ ምርግጋጽን ምዉሳንን ሕጋዊ ሓላፍነት ዘለዎ ትካል ወይ ሰብ።

2. **ምምርማር/ምጥቃም(ፕሮሰስ ምግባር):** እዘም ቃላት እዚኦም ንዝኾነ ይኹን ኣጠቓቕማ ናይ ዝኾነ ዓይነት ውልቃዊ ሓበሬታ በቲ መርመራ ዝምልከት ይኹን፡ ንጡፍ (ንኣብነት ብኢመይል ምልኣኽ) ወይ ድማ ንጡፍ ዘይኮነ (ንኣብነት ኣብ መዛግብቲ ናይ ሓበሬታ ምኽዛን) ዚሸፍኑ እዮም። ንኹሉ ኣጠቓቕማ ውልቃዊ ሓበሬታ ካብ ምእካቡ፡ ሪከርድ ምግባሩን ምኽዛኑን፡ ምንባቡ፡ ምቕዳሑ ወይ ምሕታሙ፡ ምቕያሩ ወይ ምቕዳሑ፡ ምክፋሉ፡ ምግላጹ ወይ ምሕታሙ፡ ክሳዕ ምድምሳሱ ወይ ምጥፋኡን ዘጠቓለለ እዩ።

3. **ውልቃዊ ሓበሬታ/ፐርሰናል ዳታ:** እዚ ማለት ምስ ሓደ እተፈልጠ ብህይወት ዘሎ ሰብ ዚተሓሓዝ ዝኾነ ይኹን ሓበሬታ ወይ ንሓደ ብህይወት ዘሎ ሰብ ንምልላይ ኽጥቀመሉ ዝኽእል ሓበሬታ ማለት እዩ። እዚ ድማ ከም ስም፡ ዕለተ ልደት፡ ውልቃዊ መግለጺ፡ ናይ ርክብ ዝርዝራት፡ ስእልታትን ናይ ድምጺ ቅዳሓትን ዝኣመሰሉ ባዮግራፊካዊ ሓበሬታ ዘጠቓልል እዩ።

4. **ፍሉይ ምድብ ውልቃዊ ሓበሬታ:** እዚ ከም ዓሌታዊ ወይ ብሄራዊ መበቈል፡ ፖለቲካዊ ኣረኣእያታት፡ ሃይማኖታዊ ወይ ፍልስፍናዊ እምነታት ወይ ኣባልነት ማሕበር ሰራሕተኛታት፡ ጀነቲካዊ ዳታ፡ ንባህርያዊ መለለዩ ናይ ሰባት ንምልላይ ዝጠቅም ባዮሚትሪካዊ ሓበሬታ ከምኡ እውን ብዛዕባ ጾታን ጾታዊ ዝንባለን ዝምልከት ሓበሬታ ዝኣመሰለ ዝያዳ ተነቃፊ ውልቃዊ ሓበሬታ እዩ።

5. **ገበናዊ ፍርዲ ከምኡ ድማ ገበናትን ውልቃዊ ሓበሬታ:** እዚ ምስ ገበናዊ ፍርድታትን ገበናትን ዝተኣሳሰር ውልቃዊ ሓበሬታ እዩ።

6. **መስራሒ/ፕሮሰሰር:** ብተቈጻጻሪ ሓበሬታ ዝተመዘዘ ትካል ወይ ሰብ ኮይኑ እቲ ዝምልከቶ ውልቃዊ ሓበሬታ ብስሙን ብመምርሒኡን ዝምስርሕ/ኣብ ጥቅሚ ዘዉዕል፡ ከም ኣብነት ድማ ከም ንዓሚል ወብ ሳይት ዘተኣናንግድ ወይ ንዓሚል ውልቃዊ ሓበሬታ ዝኽዝን ወሃቢ ኣገልግሎት።

7. **ኦፊስ ናይ ኮሚሽነር ሓበሬታ:** ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ዘሎ ተቈጻጻሪ በዓል መዚ እዩ፡ ናት ዕማም ድማ ምስ ሕግታት ሓለዋ ሓበሬታ ከምኡ ድማ/ወይ ድማ ምስ ሕግታት ሓበሬታ ህዝቢ ክረኽቦ ዝኽእል ከም ሕጊ ናጽነት ሓበሬታ 2000 ዝኣመሰሉ ትእዛዝ ምርግጋጽ እዩ።